ተበግሶ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ጀርመን e.V
Initiative Eritreischer Frauenverein in Deutschland e.V

## *ሰላማዊ ሰልፊ ከተማ ቦን*
## *17.09.2010*

*ኣብ ከተማ ቦን ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ዓርቢ ዕለት 17.09.2010 ኢዩ። እዛ ማዓልቲ እዚኣ ናይ ስራሕ ግዜ ብምዃና ድማ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ምእንቲ ውጹዕ ህዝብና እነወፍየን ማዓልታት ክትከውን ስለዝግባእ፡ ሃየ ኩልና ንተዓጠቓላ። ብዕለት ኣንተኾነውን፡ ድሮ ናይቲ ቅድሚ ትሸዓተ ዓመታት ስርዓት ህግዲፍ ብወግዒ ኣፍ ህዝቢ ዝዓጸወላን ዓገብ ንዝበሉ ሰበስልጣን መንግስቲ ኣብ ጐዳጉዲ ንኽሰፍሩ ዝበየነላን ዕለት 18.09.2001 ኢያ።*

*ሰላማዊ ሰልፊ ዝብገሰሉ ቦታ፡ MAXIMILIAN STRASSE Bonn Hauptbahnhof ጥቓ ማእከላይ ማዓርፎ ባቡራት ቦን ጀሚሩ ክሳብ HERR Strasse 178 ቤት ጽሕፈት ኣምኒስት ኢንተርናሽናል ክበጽሕ ኢዩ።*

*ዝጅመረሉ ሰዓት ልኽዕ ሰዓት 9:00 ቈጸራና ምስ ኣኽበርቲ ሰላማዊ ሰልፊ ጀርመናውያን ስለዝተኣሳሰር ኣብ ግዝይኡ ክንርከብ ይግባእ።*

*ዕላማ ሰላማዊ ሰልፊ*

*ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግዲፍ፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን 5 ናይ ዓለምና መሰል ደቂሰባት ዝግህሳን ግፍዓዊት ሃገር ምዃና።*

*ብሰንኪዚ ዲክታቶርያዊ ምሕደራ ዚ ዕድል ዝረኸበ ካብ ሃገር ወጺኡ ይስደድ ምህላዉ*

*ሰበስልጣን ህግድፍ ብገንዘብ ንስደት ከዘሳልጡን ተመሊሶም ብሓለዋ ጸጥታ ከምዝከትርዎን ንስደት ዘምሬሐ መንእሰይ ብሰራዊቶም ከም ዝቀትሉን ከም ዝኣስሩን*

*ስርዓት ህግዲፍ፡ ካብ መደበር ስደተኛታት ሱዳን ከምዝጨውን ከም ዝቐትልን ንምግላጽ።*

*ብክንደይ ጸገማት ነዚ ዝሓለፈ መንእሰይ ድማ ኣብ በረካታት ሱዳን፡ ሊብያ፡ ግብጺ ብወተሃደራትን መሰጋገርቲን ተታሒዞ ኽኽፍሉዎ ዘይክእሉ ገንዘብ ተሓቲቶም ኣብ ጎዳጉዲ ተኣሲሮም ዝሳቀዩን ዝሞቱን ምህላወም ፡ ብፍላይ ወተሃደራት ግብጺ ኣብ ዶብ እስራኤል ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብጥይት ዝቀተልዎም ኤርትራውያን ምህላዎምን፡*

*ግብጺ ከም ሃገር፡ እንተከኣለት ስደተኛታት ኤርትራውያን ከተዕቁብ፡ እንተዘይኮነ ብሰላም ናብ ዝድለይዎ ሃገራት ብናይ ዩኤን UN ሕጊ መሰረት ከተሕልፎም ከምዝግባእ፡*

admasawit2007@gmx.net;

*ግብጺ እቲ ብወተሃደራታ ዝውሰድ ዘሎ መቕተልቲ ኤርትራውያን ,ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ዝተሓየረ ብምኻኑ ዝሃሓሉ ስርዓትን መንግስትን እኳ ኣንተዘይሃለወ፡ ጽባሕ ኣብ መጻኢት ቅዋማዊት ኤርትራ ግን፡ እቲ ዘፍሰሰዎ ዘለዉ ደም ንጹሓት ኤር ትራውያን ኣብ መዝገቡ ሕዝዎ ከም ዘሎን ብህይወት ደቂ ሰባት ክሐተቱት ምዃኑ ንዝምልከቶም ሸነኻት ምሕባርን፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ግፍዓዊ ተግባራቶም ደው ንኽብሉ ምሕጽንታ ነቕርብ ምህላውና*

*ተሐለቕቲ ሰብኣዊ መሰል ወዲ ሰብ ድማ መልእኽትና ሰሚዑ ተሓታትነት ናይ ዝሞቱ ኤርትራውያን ንኽጻርን ንጎረባብቲ ሃገራት ብዓለም ለከ ሕጊ ክተሐሐዘን ብቀጻሊ ክቆጻጸረን ከምዝህባእ፡*

*ብቐንዱ ሽግር ህዝብናን ሃገርን ድማ፡ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሰለ ዝኮነ ኣብ ልዕሊኡ ዝኣከል ስጉምቲ ክወሰድን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዓለም ቀሪቡ ፍርዲ ክውሰደሉን ጥርዓናን ክስናን ዘማሓላልፍ ሰላማዊ ሰልፊ ኢዩ።*

*ዓወት ንቃልሲ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ!*
*ንመሰልና ዋናታቱ ባዕልና!*
*07.09.2010*

***ንዝያዳ መወከስን ሓበሬታን*** *admasawit2007@gmx.net; ብዝብል ኣድራሻ መልእኽቲ ክበጽሓና ይኽእልዩ፡*